**ዘድልዩ ሰነዳት**

1. ***መረጋገጺ ልደት*** (ውላድኩም፡ ካብ 2 መስከረም 2024 ክሳዕ 1 መስከረም 2025 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣርባዕተ ዓመት ዝገበረ ኪኸውን ይግባእ።)

   - እተመስከረሉ ኦሪጂናል ወረቐት ልደት፡ ናይ ሕርሲ ሰነድ ሆስፒታል (Hospital Record of Live Birth)፡ መንበሪ ፍቓድ (Green Card)፡ ሮዛ ካርድ (Pink Card) ወይ Federal I-94 Card፣ ወይ ድማ ፓስፖርት ቆልዓ (ቅዳሓት ናይዚ ሰነዳት ቅቡል ኣይኮነን)

2. ***መረጋገጺ ሕጋዊ መጉዚትነት*** (ዚምልከት እንተኾይኑ)

   - ስምኩም፡ ኣብ ወረቐት ልደት ውላድኩም ምስዘይህሉ ጥራይ የድሊ።

3. ***መረጋገጺ ወረቐት መንነት ወላዲ/መጉዚት***

   - ከም መምርሒ ፍቓድ ተሽከርከርቲ ጆርጅያ ወይ ብቑዕ ፓስፖርት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝኣመሰለ ብኽፍለ-ሃገር ወይ መንግስቲ እተዋህበ ስእሊ ዘለዎ ወረቐት መንነት

4. ***ናይ ወለዲ/መጉዚት መረጋገጺ ነባርነት ጆርጅያ***

   - ብስምኩም ዝኣተኽሙዎ ስምምዕ ልቃሕ-ትሕጂ (ሞርጌጅ) ወይ ክራይ/ሊዝ ወይ ብስምኩም ዝተዳለወ መኽፈሊ ወረቐት ኤለትሪክ፡ ጋዝ ወይ ማይ (ቢል)፣ (ናይ ተለቪዥንን ተሌፎንን መኽፈሊ ወረቐት ቅቡል ኣይኮነን)

**ውዕል ክራይ፡ ሊዝ፡ ትሕጃ-ለቓሕ ወይ መኽፈሊ ሰነድ ኣገልግሎት ብስምኩም ዘይብልኩም፡ እሞ ኸኣ ምስ ካልእ ሰብ ትቕመጡ እንተኾንኩም፡ ነዚ ዚስዕብ ከተቕርቡ ይግባእ፥ እተፈረመን ብትካል ኖታሪ እተመስከረሉን ፍቓድ መንበሪ **ከምኡውን** ብስም ናይቲ ምስኡ እትቕመጥሉ ዘለኹም ሰብ እተገብረ ውዕል ክራይ/ሞርጌጅ ወይ መኽፈሊ ኣገልግሎት ማይን ኤለትሪክን **ከምኡውን** ምስቲ ፍቓድ መንበሪ ዝሰማማዕ ኣድራሻ ዘርኢ ስም መጉዚት ቆልዓ ዘለዎ ኣድራሻ ደብዳቤ። ቅዳሕ ቅጥዒ መንበሪ ፍቓድ ንኽትረኽቡ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ጠውቑ።

5. **ናይ ውላድ ኦሪጂናል ካርድ ማሕበራዊ ውሕስነት (ሶሽያል ሰኩሪቲ) ወይ "መንሓፊ ወረቐት (ወይቨር)"**

   - መንሓፊ ወረቐት (ወይቨር) ክህልወኩም ዘድሊ እንተኾይኑ፡ ኣብ ግዜ ምዝገባ ክውሃበኩም እዩ።

6. **መረጋገጺ ምድብ I፡ ዝምልከተኩም እንተኾይኑ (ናይ 1 ቅዳሕ ጥራይ፥ CAPS፡ ረድኤት ምግቢ (Food Stamps)፡ Medicaid፡ SSI ወይ TANIF)**

7. **ወረቐት ክታበት** (3231) ወይ ብምኽንያት ሃይማኖትኩም ክታበት ክትወስዱ ከምዘይምልከተኩም ዘረጋግጽ ፍቓድ (DPH Form 2208) ከምዚቐርብ ይኸውን

8. **ወረቐት መርመራ ዓይኒ፡ እዝኒ፡ መኣዛዊ-ምግብን ስንን** (3300)

****መመልከቲ ምእታው፡ ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ ተቐባልነት ንኽትረኽቡ ውሕስነት ኣይህብን እዩ።**